



Tigrinya | ትግርኛ

# ጥዕናኺ መጻኢ ህይወትኪ

**ናይ ክሳድ ማህጸን መመርመዪ ምርመራ ግበሪ**




## ክሳድ ማህጸን

እቲ ክሳድ ማህጸን ክፍሊ ስርዓተ ወሊድ እዩ። ኣብ ልዕሊ መሸኒት/ርሕሚ ዝርከብ ኰይኑ ነቲ መሸኒት ምስ ማህጸን የራኽቦ።

## ኤችፒቪ/HPV እንታይ እዩ?

ሰብኣዊ ፓፒሎማቫይረስ (ኤችፒቪ/HPV) ብጾታዊ ርክብ፣ እንተላይ ቈርበት ንቈርበት ብዝግበር ጾታዊ ርክብ ኣቢሉ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ዝመሓላለፍ ልሙድ ቫይረስ እዩ። ኤችፒቪ/HPV ቀንዲ ጠንቂ መንሸሮ ክሳድ ማህጸን እዩ።

## ናይ ክሳድ ማህጸን መመርመዪ ምርመራ እንታይ ኢዩ?

ናይ ክሳድ ማህጸን መመርመዪ ምርመራ ነቲ ፓፕ ስሚር ተክኦ። እሱ ድማ ንኤችፒቪ/HPV መርመራ ይገብር፣ ብሓኪም ወይ ብኣላዪት ሕሙማት (ነርስ) ከኣ እዩ ዝግበር ወይ ከኣ ንስኺ ባዕልኺ ኽትገብርዮ ትኽእሊ ኢኺ።

እቲ መርመራ ቕልጡፍን **ጉድኣት ዘይብሉን** እዩ። ሓድሓደ ግዜ ዘይምችወኪ እኳ እንተ ኾነ ዘቖንዙ ግና ኣይኮነን። ንድንግልና ኣይትንክፎን እዩ።

ትኽእሊ ኢኺ፦

- ንሓንቲ **ኣንስተይቲ ሓኪም ወይ ኣላዪት ሕሙማት (ነርሲ) ሕተቲ**
- ኣስተርጓሚ **ሕተቲ**
- ፈታዊኺ ወይ ብጻይኪ/ሰብኣይኪ ውሰዲ።

## መንሸሮ ክሳድ ማህጸን እንታይ እዩ?

መንሸሮ ክሳድ ማህጸን ከቢድ ሕማም እዩ። **ኣብ መጀመርታ ደረጃታት ዋላ ሓንቲ ምልክት ዘይክህሉ ይኽእል ኢዩ።** እቲ ናይ ክሳድ ማህጸን መመርመዪ ምርመራ ናብ መንሸሮ ክቕየር ዝኽእል ለውጥታት ክረክብ ይኽእል ኢዩ።

**እቲ መርመራ ህይወት ዘድሕን ክኸውን ይኽእል ኢዩ።**

## መዓስ እዩ መርመራ ዘድልየኪ?

ኣል 25 ዓመት ወይ ልዕሊኡ እንተ ኼይንኪ እሞ ጾታዊ ርክብ ጌርኪ ትፈልጢ እንተ ኼይንኪ መርመራ ንምግባር ምስ ሓኪም ወይ ኣላዪት ሕሙማት (ነርሲ) ግበሪ።

ክሳዕ 74 ዓመት እትበጽሒ **ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሓሙሽተ ዓመት ስሩዕ ናይ ክሳድ ማህጸን መመርመዪ ምርመራ ኽትገብሪ ኣሎኪ።** ውጽኢት ናይ መወዳእታ መርመራኺ ጽቡቕ እኳ እንተ ነበረ ንዝቕጽል መርመራ ቆጸራ ኽትገብሪ መዘኻኸሪ ኽወሃበኪ ኣለዎ።

## ናይ ኤችፒቪ/HPV ክታበት እንታይ እዩ?

ኣብ ኣውስትራልያ ሰባት ካብ ኤችፒቪ/HPV ንኽከላኸሉ ዝሕግዝ ክታበት ኣሎ።

ኩሎም ተመሃሮ፣ እንተላይ ኣወዳት፣ ኣብ 7 ክፍሊ ዘለው ብናጻ ናይ ኤችፒቪ/HPV ክታበት ክረኽቡ ይኽእሉ እዮም። ወላዲ ወይ ኣለዪ እንተ ኼይንካ/ኪ ውሉድካ/ኪ ክኽተብ እንተ ደሊኻ ንኽትፍርምን ናብ ቤት ትምህርቲኻ/ኺ ንኽትምልስን ደብዳበ ኽትቅበል/ሊ ኢኻ/ኺ። እቲ ኽታበት ንውሉድካ/ኪ ጾታዊ ርክብ ክጅምሩ ወይ ክምርዖዉ ኸለዉ ኻብ ኤችፒቪ/HPV ይከላኸለሎም።

ውሉድካ/ኪ ነቲ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝወሃብ ኽታበት እንተ ኣምሊጥዎም ክሳዕ 25 ዓመት ዝኾኖም ብናጻ ኽረኽብዎ ይኽእሉ እዮም። ምስ ዓበኺ ክትክተቢ እንተ ደሊኺ ንዶክተርኪ ሕተቲዮ።

ዋላ ናይ ኤችፒቪ/HPV ኽታበት እንተወሰድኪ ካብ 25 ዓመት ኣትሒዝኪ ናይ ክሳድ ማህጸን መመርመዪ ምርመራ ክትገብሪ የድልየኪ እዩ፣ ስለምንታይ እቲ ኽታበት ኻብ ኩሉ ዓይነት ኤችፒቪ/HPV ኣይከላኸልን።

እዚ ክታበት እዚ ኣይጎድእን እዩ፣ መንሸሮ ኣየምጽእን ኣብ ቈልዑ ምውላድ እውን ጸገም ኣየምጽእን።

true relationships & reproductive health

Queensland Government

V1-20210513

# ናይ ክሳድ ማህጸን መመርመዪ ምርመራ ህይወትኪ ከድሕን ይኽእል እዩ።

## መብዛሕቲአን መንሽሮ ክሳድ ማህጸን ዘለወን ሰባት ናይ ክሳድ ማህጸን መመርመዪ ምርመራ ገይረን ኣይፈልጣን ወይ ኣብ ዝሓለፈ ሓሙሽተ ዓመታት መርመራ ኣይገበራን።




### ናይ ክሳድ ማህጸን መመርመዪ ምርመራ ብኸመይ እዩ ዝግበር?

**ክልተ ምርጫታት ኣሎኪ።**

ናይ ገዛእ ርእስኺ ቅምሶ ክትወስዲዮ ትኽእሊ ኢኺ፣ ወይ ከኣ ሓኪምኪ ወይ ነርስኺ ነቲ መርኣያ ክእክቡ ይኽእሉ እዮም። ክልቲኡ ምርጫታት ልክዕን ዘተኣማምንን እዩ።


#### ሓኪም/ነርሲ መርኣያ ምእካብ

ንብሕትነት እንትብሃል ታሕተዋይ ፍርቂ ነብስኺ ብኣንሶላ ክትሸፍንዮ ትኽእሊ ኢኺ።

እቲ ሓኪም ወይ ኣላዪት ሕሙማት (ነርሲ) ናብ ርሕምኺ ስፔኩለም የእቱ።

ድሕሪኡ ልስሉስ ንእሽተይ ብሩሽ ተጠቒሞም ካብ ክሳድ ማህጸን ቅምሶ ወሲዶም ንምርመራ ናብ ቤተ ምርመራ ይሰድድዎ።

እቲ ውጽኢት ምስ ተፈልጠ፣ እቲ ሓኪም ወይ ኣላዪት ሕሙማት (ነርሲ) ክረኽቡኺ እዮም። ከምኡ እንተ ዘይኮይኑ፣ ውጽኢትኪ ንምርካብ ምስ ክሊኒክ ተራኸቢ።




ንቈጸራ ክትምለሲ እንተ ተሓቲትኪ፣ ኣብቲ ቆጸራ ክትርከቢ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።

#### ንገዛእ ርእሰኺ መርኣያ ምእካብ


እቲ ሓኪም ወይ ኣላዪት ሕሙማት (ነርሲ) እንታይ ክትገብሪ ከም ዘሎኪ ክገልጸልኪ እዩ።

ነቲ ቅምሶ ብስትረት ብድሕሪ መጋረጃ ኣብ ክፍሊ ክሊኒክ ወይ ኣብ ሽቓቕ ክትወስዲዮ ትኽእሊ ኢኺ።

ካብ እቲ ጥቕላል ነቲ መሐበሲ/መሕሰስያ ኣውጽእዮ እሞ ናይ መሸኒትኪ/ርሕምኺ ሒደት ሰንቲ ሜትር ናብ ውሽጢ ኣእትውዮ።

ነቲ መሕሰስያ/መሐበሲ ን10-30 ሴኮንድታት ዝኸውን ዘወር ዝወር ኣብልዮ፣ ድሕሪኡ ኣውጺእኪ መሊስኪ ኣብቲ ጥቕላል ኣቐምጥዮ።

ኣብ ዝኾነ ይኹን እዋን ንሓኪምኪ ወይ ንኣላዪት ሕሙማት (ነርሲ) ሓገዝ ክትሓትቲ ትኽእሊ ኢኺ።



ቍራጽ ወይ ግዝረት ዘለወን ኣንስቲ ብዛዕባ እቲ መርመራ ክሓትታ ይኽእላ እየን።




**ካብ መንሽሮ ክሳድ ማህጸን ክትከላኸልሉ እትኽእሊ ዝበለጸ መገዲ በቢ 5 ዓመት ናይ ክሳድ ማህጸን መመርመዪ ምርመራ ምግባር እዩ ።**

### ብናጻ ዝወሃብ ናይ ክሳድ ማህጸን መመርመዪ መርመራ ኣበይ ክትረኽቢ ትኽእሊ?

- ናይ ዶክተር (ጂፒ) ክሊኒክ "ናይ እኩብ ሕሳብ/በልክ ቢል" (ብናጻ) ዝገብሩ እንተ ኾይኖም ሕተቲ
- ማእከላት ጥዕና ማሕበረሰብ
- **ትሩ ክሊኒክ** - ብሪዝበን፣ ኢፕስዊች፣ ቱዎምባ፣ ከይንስን ሮክሃምፕተን

**ምስ ትሩ ክሊኒክ ብሪዝበን ተራኸቢ**

07 3250 0200
clinicreception@true.org.au
**true.org.au/clinic**




true relationships & reproductive health

እዚ ፍልፍል እዚ ብምትሕብባር ባህላዊ ምላሽ ዝህብ ናይ ጥዕና ኣማኻሪ ጉጅለን (Culturally Responsive Health Advisory Group) ምኽክር ማሕበረሰብን ዝተዳለወ እዩ።

Queensland Government

V2-20220118